# ናይ ቆልዑ ናይ ቤት ትምህርቲ ዲስፕሊን (ቅድሚ 3 ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ሕጻናት)፦ ዝተፈቐደ እንታይ እዩ? መሰላተይ እንታይ እዮም?

## ናተይ ቈልዓ ካብ መንግስታዊ ቤት ትምህርቲ ክእገድ ወይ ክባረር ይኽእል ድዩ?



ኣብዝሓ ኩነታት ኣይካኣልን – ኣብዝሓ ኩነታት ዝስዕቡ ነገራት ምግባር ትኽእሉ ኢኹም፦

- ቈልዓኹም ናብ ቤት ትምህርቲ ምስዳድኹም ምቕጻል
- ናይቲ ቤት ትምህርቲ ውሳነ ይግበኣኒ ምባል

## እቲ መንግስታዊ ቤት ትምህርቲ ቈልዓኹም ምእጋድ ዝኽእል መዓስ እዩ?

ቈልዓኹም ክእገድ ወይ ክባረር ዚኽእል፦

- ቈልዓኹም ጠበንጃ ወይ ካራ ናብ ቤት ትምህርቲ ሂዙ እንድሕርመጺኡ።
- ቈልዓኹም ጠበንጃ ወይ ካራ ናብ ዝኾነ ዓይነት ናይ ቤት ትምህርቲ ፍጻሜ ሂዙ እንድሕርመጺኡ። (ኣብነት፦ ናይ ስፖርት ጸዋታ፣ ልምምድ፣ ናይ ቤት ትምህርቲ ጸዋታ፣ ናይ ወጻኢ ጉዕዞታት)።
- ቈልዓኹም ኣብ ክሊ ቤት ትምህርቲ ወይ ኣብ ናይ ቤት ትምህርቲ ፍጻመ እንተሃሊዩ ኣብ ኣንጻር ካልእ ሰብ ወይ ንብረት ጉድኣት እንድሕርኣብጺሑ።
- ቈልዓኹም ኣብ ኣንጻር ህንጻ ቤት ትምህርቲ ወይ ፍጻመ ናይ በምብ ምፍርራሕ እንድሕርፈጺሩ
- እቲ እገዳ ናይቲ ቈልዓ፣ ናይ ካልኦት ቈልዑን ሰራሕተኛታት ጥዕናን ድህነትን ንምሕላዉ ኣገዳሲ እንተኮይኑ።

## ናይ ልምዳዊ ኣብያተ ትምህርቲ መንግስቲን ናይ መንግስታዊ ቻርተር (ማህበረሰብ) ኣብያተ ትምህርቲ ደንብታት ዝተፈላለዩ ድዮም?

**ኣይፋሉን።** ናይ ልምዳዊ ኣብያተ ትምህርቲ መንግስቲን ናይ መንግስታዊ ቻርተር (ማህበረሰብ) ኣብያተ ትምህርቲ ደንብታት ተመሳሳሊ እዮም። ይኹን እምበር፣ ናይ ውልቐ ኣብያተ ትምህርቲ ናይ ባዕሎም ደንብታት ምውጻእ ይኽእሉ፤ ስለዚ፣ ኣብዚ ስለዚ ቕጥዒ ዘሎ ሓበሬታ ንልምዳዊ ናይ መንግስቲ ኣብያተ ትምህርቲን ንመንግስታዊ ቻርተር ኣብያተ ትምህርቲ ጥራሕ እዩ።

## ናተይ ቈልዓ ብዘይ ኣግባብ ካብ ቤት ትምህርቲ ተኣጊዱ ወይ ተባሪሩ ኢለ እንድሕርሃሲበ መሰላተይ እንታይ እዮም?

- ናይ ይግበኣኒ መሰል ኣለኹም።
- ናይ መጋበእያ መሰል ኣለኹም።
- እቲ ቤት ትምህርቲ ብዛዕባ እገዳ ወይ ምብራር ናይ ጽሑፍ ምልክታ ክህበኩም ይግባእ።
- እቲ ናይ ጽሓፍ ምልክታ ናይ ይግበኣኒ ከይዲ ምግላጽ ይግብኦ።

## ወደይ ዝምሃረሉ ቤት ትምህርቲ ወደይ ንሓደ መዓልቲ ኣብ ገዛ ንክሕልዎ ዝነገረኒ እንትኾን ናይዚ ምኽንያት ድማ ወደይ ኣብ ጸገም ስለዘለዎ እምበር ስለዝተኣገደ ወይ ስለዝተባረረ ኣይኮነን። ከምዚ ምግባር ይኽእሉ ድዮም?

**ኣይኮነን።** ሓደ ቤት ትምህርቲ ብምኽንያት ባህሪ እቲ ተምሃራይ ኣብ ገዛ ንክፀንሕ ምውሳኑ **እገዳ ወይ ምብራር** እዩ - ዋላኳ እቲ ቤት ትምህርቲ ካልእ ሽም ንክህቦ ዝደሊ እንትኾን (“ናይ ምርግጋእ ጊዜ”፣ “እረፍቲ”።

## እቲ ቤት ትምህርቲ ንወደይ ንሓደ መዓልቲ ኣብ ገዛ ንክህልዎ እንተጌሩኒ መሰላተይ እንታይ እዮም?

- ናይ ሰነድ መረዳእታ ንክወሃበኩም ሕተቱ። ኣብ ኩሉ ጊዜ ናይ እገዳ ወይ ምብራር ብዝምልከት ናይ ጽሑፍ ምልክታ ምርካብ ይግበኣኩም።
- ናይ ጽሑፍ መረዳእታ እንተዘይተዋሂብኩም - ወድኹም ናብ ቤት ትምህርቲ ስደዱዎ። እንድሕርዘይሰዲድኩዎ ድማ ወድኹም ካብ ቤት ትምህርቲ ብዘይ ፍቓድ ከምዝተረፈ ይምዝገብ እዩ።

Advocates for Basic Legal Equality, Inc. and Legal Aid of Western Ohio, Inc. መኽሰብ ዘይድልቡ ናይ ሕጊ ትካላት ኮይኖም ኣብ ምዕራባዊ ኦሃዮ ንዝነብሩ ትሑት ኣታዊ ዘለዎም ውልቀሰባትን ስድራታትን ድሌት ናይ ፍትሓ ብሔር ሕጊ ዘገልግሉ እዮም። እዚ ሓበሬታ እዚ ናይ ሕጊ ምኽሪ ኣይኮነን። ሓፈሻዊ ሓበሬታ እዩ። ብዛዕባ ኩነታትኩም ምስ ጠበቓ ምምኽኻር ዝተክዕ ኣይኮነን። ናይ ጠበቓ ሓገዝ ከድልየኩም ይኽእል እዩ። *ንመወዳዕታ እዋን ዝተመሓየሸሉ ዕለት፦ ሕዳር 19/2019

ABLE ADVOCATES FOR BASIC LEGAL EQUALITY, INC.

LAWO LEGAL AID OF WESTERN OHIO, INC.

TOGETHER, WE DO THE COMMUNITY JUSTICE

ናይዚ ፕሮጀክት ወፃኢ ዝተሸፈነ
Dayton Legal Heritage Found
of The Dayton Foundation
ብዝተረከበ ናይ ገንዘብ ሓገዝ እዩ

## ወደይ ናይ ኣእምሮ ጥዕና ኣገልግሎታት ከምዝደሊ እጨነቕ ኣለኹ። መሰላተይ እንታይ እዮም?

- ናይ ወድኹም ዳይሬክተር ነቲ ወዲ ቕድሚ ምእጋድ ወይ ምብራር ምስ ናይ ኣእምሮ ጥዕና በዓል ሞያ ክዘራረብ ኣለዎ።
- ሕድ ሕድ እዋን እቲ ቤት ትምህርቲ ንዝበለጸ ናይ ኣእምሮ ጥዕና ኣገልግሎታት ካብ ቤት ትምህርቲ ወጻኢ ክሰድደኩም ይኽእል እዩ።
- ካብቲ ቤት ትምህርቲ ሓገዝ ክትሓትቱ ትኽእሉ ኢኹም። ሕድ ሕድ እዋን እቲ ናይ ቤት ትምህርቲ ወረዳ ብዛዕባ ናይቲ ወዲ ፍሉይ ትምህርቲ ኣገልግሎታት ናይ ኣእምሮ ጥዕና ምኽሪ ምቕራብ ይግብኦ።



## እቲ ቤት ትምህርቲ ንወደይ ናይ ውሽጢ ቤት ትምህርቲ እገዳ ምሃብ ይኽእል ድዩ?

**እወ፣ ግን** ናይ ውሽጢ ቤት ትምህርቲ እገዳ ኣብ ከባቢ ትምህርቲ ክኸውን ይግብኦ። ወድኹም ኣብ ኮሪደራት ወይ ኣብ ቤት ፅሕፈት እቲ ቤት ትምህርቲ ክቕመጥ የብሉን።

## እቲ ቤት ትምህርቲ ን"ሕጹጽ ኩነታት" ወደይ ካብ ስሩዕ ሰዓት ኣቐዲመ ካብ ቤት ትምህርቲ ንክወሰድ ክነግረኒ ይኽእል ድዩ?

**እወ፣ ግን** እቲ ናይ ሕጹጽ ኩነት ክትግበር ዘለዎ እቲ ቤት ትምህርቲ ወድኹም ንባዕሉን ንካልኦት ሰባት ሓደጋ ከምዝፈጥር እንተኣሚኑ ጥራሕ እዩ። እዚ ሕጹጽ ኩነት ብጽሑፍ ንክወሃበኩም ምሕታት ትኽእሉ ኢኹም። መዘኻኸሪ፦ እቲ እገዳ ካብ ሓደ መዓልቲ ንዝተሓተ እንተኮይኑ እቲ ቤት ትምህርቲ ናይ ጽሑፍ ምልክታ ክህብ ኣይግብኦን።

## ናይ ሓደ ቈልዓ ሕጹጻዊ ምስንባት ንክንደይ ጊዜ ይጸንሕ?

ሕጹጻዊ ምስንባት ንሓደ ቈልዓ ካብ ሓደ ምሉዕ መዓልቲ ንዝትሕት እዋን ይወሃብ። ወድኹም ኣብ ቀጻሊ ናይ ትምህርቲ ዕለት ናብ ቤት ትምህርቲ ንክምለስ ክፍቐደሉ ይግባእ።

## ሓደ ቈልዓ ብምኽንያት ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘይምህላዉ ካብ ቤት ትምህርቲ ክእገድ፣ ክባረር ወይ ክስንባት ይኽእል ድዩ?

**የለን።** ወድኹም ካብ ቤት ትምህርቲ ብምትራፉ ጥራሕ ክእገድ፣ ክባረር ወይ ክሰናበት የብሉን።

## ናይ መንግስቲ ቻርተር ቤት ትምህርቲ ወደይ ካብ ቤት ትምህርቲ ብምትራፉ ከሰናብቶ ይኽእል ድዩ?

**እወ።** ናይ ቻርተር ቤት ትምህርቲ ወድኹም ን72 ሰዓታት ብዘይ ፍቓድ ካብ ቤት ትምህርቲ ብምትራፉ ከሰናብቶ ይኽእል እዩ። ኩሉ ናይ ምትራፍ ኩነት ንምድጋፍ ከም ናይ ዶክተር መረዳእታ ዝመሳሰሉ ሰነዳት ኣዳልዉ። እቲ ሰነድ ናብ ወድኹም ቤት ትምህርቲ ምሃብኩም እርግጸኛ ይኹኑ። ቕዳሕ ሓዙ።

## ወደይ እንድሕርተኣጊዱ ወይ ተባሪሩ እንታይ ክገብር ኣለኒ?

- **ናይ ጽሑፍ ምልክታ ንክወሃበኩምሕተቱ** ። ብዘይ ናይ ጽሑፍ ምልክታ ወድኹም ናብ ገዛ ኣይትውሰዱ።
- **ምስቲ ዳይሬክተር መገባእያ ንክዳለወልኩም ሕተቱ**። ሕቶኹም ብጽሑፍ ኣቕርቡ። ቕዳሕ ሓዙ።
- **ናይ ወድኹም ናይ ቤት ትምህርቲ መረዳእታታት ቕዳሕ ንክወሃበኩም ሕተቱ**።
- **ኣብቲ መጋባእያ ንወድኹም ተኸራኸሩ** ። ናብቲ መጋባእያ ጠበቓ ሂዝኩም ምምጻእ ትኽእሉ ኢኹም።

# ነጻ ናይ ሕጊ ሓገዝ እንድሕርደሊኹም፦

## ተሌፎን ደዉሉ፦

ናይ Western Ohio ናይ ሕጊ ሓገዝ መስመር ተሌፎን፦
ብዘይ ክፍሊት፦ (888) 534-1432

## ኦንላይን ኣመልክቱ፦

ናይ ሕጊ ሓገዝ መስመር መርበብ ሓበሬታ፦
www.legalaidline.org